**እቲ ሓመድ ምስዓለበ/ምስሰፈረ፡ ድሕሪ ምትእኽኻብ ስድራቤታት ስደተኛታት ዝነበሮም ተመክሮ ምድህሳስ**

**ናይ ፕሮጀክት ሓበሬታ ወረቐት/ ፎርም/ቅጥዒ**

'ቱጌዘር ናው' ካብ 2010 ጀሚሮም ኣብ ምትእኽኻብ ስድራቤት ስደተኛታት ክሰርሑ ጸኒሖም እዮም፡፡

**መን ክሳተፍ ይኽእል?** (እዞም ኣብ ታሕቲ ዘለዉ ረቛሒታት ክትልእዎም ይግባእ)

- ናይ ስደተኛታት ስድራቤታዊ ምትእኽኻብ ቪዛ ተጠቒሞም ዝተራኸቡ ስድራቤታት ወይ መጻምድቲ
- ቅድሚ ግንቦት 2021 ዝተራኸቡ ስድራቤታት ወይ መጻምድቲ
- ብቀይሕ መስቀል እንግሊዝን ብቱጌዘር ናው ዝተደገፉ ወይ ድማ ባዕሎም ትኬት ዝገዝኡ ስድራቤታት ወይ መጻምድቲ
- ክልቲኦም፣ ስፖንሰርን ዝመጹ መጻምድትን ክሳተፉ ዝደልዩ ስድራቤታት ወይ መጻምድቲ
- መሰረታዊ እንግሊዝኛ ክእለት ዘለዎም ስድራቤታት ወይ መጻምድቲ፤ ኣድላዪ እንተኾይኑ ተርጓሚ ከንቅርብ ንኽእል ንኸውን።

**መን እዩ ክሳተፍ?**

ምስ ማርያ ኣብራንቸስ ዝተባህለት ተመራማሪት ዩኒቨርሲቲ ምብራቕ ኣንግልያ ብምትሕብባር ንሰርሕ ኣለና። ኣብምስ ስደተኛታትን ስደትን ዝተኣሳሰሩ ብዙሓት ፕሮጀክትታት ሰሪሓ እያ። ምስ ሰባት ተራኺባ ብዛዕባ ተመኩሮኦም ክትሓቶም እያ።

ማርያ ብኒሃያ ጃብር ዝተባህለት ተሓባባሪት ተመራማሪት ክትድገፍ እያ። ኒሃያ ተዛራቢት ቋንቋ ዓረብ እያ፣ ኣብ ስርዓት ዑቕባ ኣዲ እንገሊዝ ድማ ተመኩሮ ዘለዋ እያ።

ናይ ቱጌዘር ናው ፈቓደኛታት ንማርያን ኒሃያን ክድግፉ እዮም።

**ብዛዕባ ተመክሮ ሰባት ዝያዳ ክንፈልጥ ብኸመይ ንኽእል?**

ነዚ ንክንገብሮ ዘኽእላና ሰለስተ መንገድታት ኣለዋ፤

1. ብእግሪ እናኸድካ ዝግበር ቃለ መሕትት። ኣብዚ ብሓባር ብእግሪ  እናተጉኣዝኩም ንማርያን ኒሃያን እትነብሩሉ ከባቢ፡ ወይ ድማ ካልእ ንኣኹም ኣገዳሲ ዝኾነ ናይታ ከተማ ከባቢ ከተርእይወን ትኽእሉ ኢኹም። ኣብቲ ከባቢታት ድማ ስእሊ ክትስእሉን ድምጺ ክትቅድሑን ክትሕተቱ ኢኹም።

2. ውልቃዊ ቃለ መሕትት። ኣብዚ ድማ ምስ ማርያን ኒሃያን (ወይ ምስ ሓንቲኣ  ጥራይ) ዕላል ትገብሩ/ተዕልሉ። እዚ ድማ ዝያዳ ዝርዝር ሕቶታት ንኽሓታኹም ዕድል ክህበን እዩ።

3. ናይ ጉጅለ ዓውደ መጽናዕቲ። እዚ ምስ ካልኦት ኣብቲ መጽናዕቲ ዝነጥፉ/ዝሳተፉ ስድራቤታት ክትራኸቡሉ ትኽእሉሉ ክፍለ ግዘታት/sessions/ እዮ። ብዛዕባ እቲ ፕሮጀክት ዝስምዓኩም ስምዒት ከተካፍሉን ኣብቲ ናይ መጀመርታ ርኽበታት ናይቲ ምርምር ክትዛተዩን ትኽእሉ ኢኹም።

ብተወሳኺ፡ እንተደሊኹም፡ ነቲ ስእልታትን ዝተቐረጸ ድምጽታትን ካብቲ ቃለ መሕትት ዝተረኸበ ዛንታታትን ብምጥቓም፡ ኣብ ሓባራዊ ምፍራይ ሓጻር ፊልም ንምስታፍ ዕድል ክህሉ እዩ። እዚ ድማ ሰባት ብዛዕባ ስደተኛታትን ስድራቤቶምን ዘለዎም ኣረኣእያ ንምርዳእን ንምቕያርን ዝሕግዝ ክኸውን እዩ።

**እንተተሳቲፈ ክንደይ ግዜ ክወስድ እዩ?**

ኣብ ሓደ ወይ ኣብ ኩለን ክፍለ ግዜታት ክትሳተፉ ትኽእሉ ኢኹም። ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ንኣስታት ሓደ ሰዓት ክጸንሕ ትጽቢት ንገብር። ኣብ ልዕሊ እዚ ድማ ናይ ጉዕዞ ግዜ ክህሉ እዩ። ንዓኹም ኣብ ዝጥዕመኩም ግዜን ዕለታትን ንክኸውን ክንፍትንን ክንሰርዖን ኢና። ሓባራዊ ምፍራይ ናይዛ ፊልም ሓያሎ ናይ ኣርትዖት መደባት ስለዘጠቓልል ዝያዳ ግዜ ክወስድ እዩ።

**ስለምንታይ እየ ክሳተፍ ዘለኒ?**

እዚ ንተመኩሮኹም ስም ከይተገለጸ ግብረ መልሲ ትህቡሉ ጽቡቕ ዕድል እዩ። ኣብዚ ፕሮጀክት እተካፍሉዎ ሓበሬታ፡ ነቲ ኣብ መስርሕ ምትእኽኻብ ስድራቤት ስደተኛታት ዝሓልፉ ካልኦት ስድራቤታት ዝወሃብ ኣገልግሎት ንምምሕያሽ ክውዕል እዩ።

ከምኡ'ውን ርእይቶኹም ተጠቒምና ንስድራቤታት ስደተኛታት ክንውግንን ገለ ካብቶም ጸገማት ዘስዕቡ ፖሊሲታትን ኣሰራርሓታትን ንኽንቃወም ንኽእል ኢና።

ምስ ካልኦት ኣብ ከባቢኹም ዘለዉ ስድራቤታት ርክብ ንምፍጣር እውን ዕድል ክኸውን እዩ።

**ንዓይ ዝኾነ ክፍሊት ክህሉ ድዩ?**

ስለ ዝተሳተፍኩም ክፍሊት ኣይክፈልን እዩ። ብዝኾነ ቱጌዘር ናው  ናይ መገሻ ወጻኢታት ክመልሰልኩም እዩ።

**ብዛዕባ እንታይ እየ ዝሕተት?**

እንታይ ሓበሬታ ከም እተካፍሉ ናትኩም ምርጫ እዩ።

ብዛዕባ እዘን ኣብታህቲ ዘለዋ ክንሐተኩም ኢና፡-

- ቅድሚ ናብ ዓዲ እንግሊዝ ምምጻእካ ዝነበረካ ህይወት እንታይ ይመስል? (ብዛዕባ ኣሉታዊ ተመኩሮታት ዝኾነ ዝርዝር ሓበሬታ ምክፋል ኣየድልየካን እዩ)
- እቲ መስርሕ ምትእኽኻብ ስድራቤት ንዓኻን ንስድራቤትካን ከመይ ነይሩ?
- ስድራኻ ናብ ዓዲ እንግሊዝ ምስ በጽሑ እንታይ ዓይነት ኩነታት ኣጋጢሞምኻ?
- ካልእ ድሕሪ ምትእኽኻብ ስድራቤት ብዛዕባ ህይወት ዓዲ እንግሊዝ ከተካፍሎ እትደሊ ነገር እንተልዩ?

**ሓሳበይ እንተ ቀይረኸ?**

ብዛዕባ ምክፋል ሓሳብካ እንተቐይርካ ኣብ ዝኾነ እዋን ክትስሕብ ትኽእል ኢኻ። ብድሕሪኡ ነቲ ቀደም ዝተኣከበ ሓበሬታ ክንድምስሶ ትደልዩን ኣይትደልዩን ክንዛተ ኢና።

**እቲ ጸብጻብ መጽናዕቲ ምሳይ ክካፈል ድዩ?**

እወ፡፡ እዚ ድማ ቅድሚ ምዝዛሙ ክግምገም ምእንቲ ንዝሳተፍ ኩሉ  ክነካፍለኩም ኢና። ዝኾነ ይኹን ቅዳሓት፡ ፊልም ወይ ምስሊ እውን ክካፈል እዩ።

**ኣብቲ ዝተሓትመ ጸብጻብ ስመይ ክትጥቀሙሉ ዲኹም?**

ኣይፋልን፡፡ ኩሎም ተሳተፍቲ ስሞም ከይገለጹ ክጸንሑ ይኽእሉ እዮም። ስምኩም ይኹን ውልቃዊ ዝርዝር ሓበሬታኹም ኣይንዝርግሕን ኢና። ገለ ካብ ስእልታትኩም (ከምኡ'ውን እታ ፊልም፡ ብሓባር ክትሰርሑ እንተ ወሲንኩም) ኣብ ናይ ከባቢኹም ምርኢታትን ብኢንተርነትን ምርኣይ ይከኣል ይኸውን፣ ኣብ ከምዚ ኩነታት ከም ደራሲኦም ክትፍለጡ ወይ ስምኩም ከይግለጽ ክትውስኑ ትኽእሉ ኢኹም።

**ብኸመይ እየ ክሳተፍ ዝኽእል?**

ብዛዕባ ምክፋል ዝኾነ ሕቶ ምስህለወኩም ነዘን ሰባት ክትረኽብዎን ትኽእሉ ኢኹም፤

- ኤሚ ኣብ ቱጌዘር ናው ኣብ amy@togethernow.org.uk ወይ 07929337837
- ማርያ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ምብራቕ ኣንግልያ ብ m.branches@uea.ac.uk ወይ 07506235126

**እዚ ናይ ሓበሬታ ወረቐት ንዓኻትኩም ክትሕዝዎ ዝዓለመ እዩ።**

**ናይ ተሳታፊ ፍቓድ ቅጥዒ (ቀዳማይ ቅዳሕ ንተመራማሪ ይውሀብ)**

ኣብዚ መጽናዕቲ ምስታፍ ብድልየት ዝግበር እዩ። ኣብዚ መጽናዕቲ ንኽትሳተፉ ፍቓድ ብምሃብኩም ከምዚ ትብሉና ኣለኹም፡-

✔ ዘንበብኩሞ ከምተረዳእኩሞ

✔ ከምቲ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ኣብዚ መፅናዕቲ ንምስታፍ ከምተሰማምዕኩም።

✔ ከምቲ ዝተገልጸ ውልቃዊ ሓበሬታኹም ክንጥቀመሉ ከምተሰማምዕኩም።

✔ ክትዕቅብዎ ዘለኩም ናይ ተሳተፍቲ ሓበሬታ ወረቐት ቅዳሕ ተቐቢልኩም ከምዘለኹም።

ኣነ, ............................................ .................................. [ሽምኩም ፀሓፉ]

ኣብዚ መጽናዕቲ ክሳተፍ ፍቓደኛ እየ።

ፍቓደይ ኣብ ምሃብ ከምዚ ዝስዕብ እገልጽ፡-

- ዕላማ ናይቲ መጽናዕቲ፡ እንታይ ክገብር ከም ዝሕተት፡ ከምኡ'ውን ዝኾነ ክህልዉ ዝኽእል ሓደጋታት/ረብሓታት ይርድኣኒ እዩ።

- ንመዝገበይ ክዕቅቦ ዝኽእል ናይ ተሳተፍቲ ሓበሬታ ወረቐት ኣንቢበዮ ኣለኹ፡ ነክሳተፍ እንተደልየ ድማ ብዘዕባ ኣብቲ መጽናዕቲ ዘለኒ ተሳትፎ ምስ ተመራመርቲ ክዛተ ክኢለ ኣለኹ።

- እቶም ተመራመርቲ ብዛዕባ እቲ መጽናዕቲ ዝነበረኒ ሕቶታት መልሲ ሂቦምኒ እዮም፡ በቲ መልሱ ድማ ሕጉስ እየ።

- ኣብዚ መፅናዕቲ ምህላወይ ሙሉእ ብሙሉእ ብፈቓደይ ከምዝኾነን እንተዘይደልየ ድማ ክሳተፍ ከምዘይብለይ ይርዳኣኒ እዩ። ኣብቲ መጽናዕቲ ክሳተፍ ድየ ዝብል ውሳነይ ምስቶም ተመራመርቲ ወይ ካልእ ሰብ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ምብራቕ ኣንግልያ (ወይ ብሓባር ሕጂ) ዘለኒ ርክብ ሕጂ ይኹን ኣብ መጻኢ ኣይጸልዎን እዩ።

- ከቋርጽ እንተዘይደልየ ተሳትፎይ ክስሕብ ከም ዝኽእል ይርዳኣኒ ኣሎ፣ ከምኡ’ውን ካልእ እንተዘይኣመልከትኩ ዝኾነ ቅዳሓት ድሕሪኡ ከም ዝድምሰስን እቲ ዝተዋህበ ሓበሬታ ኣብ ውጽኢት መጽናዕቲ ከም ዘይካተትን ይርዳኣኒ። ንዝኾነ ከምልሶ ዘይደሊ ሕቶታት መልሲ ምሃብ ክኣቢ ከም ዝኽእል’ውን ይርዳኣኒ’ዩ።

- ውጽኢት ናይዚ መጽናዕቲ ክሕተም ከም ዝኽእል ግን ዝኾነ ሕትመታት ስመይ ወይ ብዛዕባይ ዝኾነ መለለዪ ሓበሬታ ከምዘይሕዝ ይርዳኣኒ እዩ።

- ኣብ ውሽጢ እዚ ፕሮጀክት ዝእከብ ውልቃዊ ሓበሬታ ብዛዕባይ ብውሑስ መንገዲ ከም ዝኽዘንን ንዝተሰማምዕኩሉ ዕላማታት ጥራይ ከም ዝውዕልን ይርዳኣኒ። ብዛዕባይ ሓበሬታ ንኻልኦት ብፍቓደይ ጥራይ ከም ዝሕበር ይርዳኣኒ እዩ፣ ብዘይካ ብሕጊ ዝተደለየ።

በዘን ዝቅጽላ ይሰማማዕ እየ፡-

ብድምጺ-ምቕዳሕ እወ □ ኣይፋልን □

ቪድዮ-ምቕራጽ እወ □ ኣይፋልን □

ክውሰዳ ብዘለዎን መዘኻኸሪታት እወ □ ኣይፋልን □

ስእልታት እወ □ ኣይፋልን □

ትራንስክሪፕት ምግምጋም እወ □ ኣይፋልን □

ኣብዚ መፅናዕቲ ዝተኣከበ መረዳእታ ንመሁራውን ትምህርታውን ዕላማታት ንኽቐርብ ኣብ መኽዘን ክቕመጥ እዩ፣ እቲ መረዳእታ ግን ስመይ ወይ ብዛዕባይ ዝኾነ መለለዪ ሓበሬታ ኣይክሕዝን እዩ።

ዳታ ኣብ መኽዘን ክቕመጥ ይሰማማዕ እወ □ ኣይፋልን □

ብዛዕባ ሓፈሻዊ ውጽኢት ናይዚ መጽናዕቲ ርእይቶ ክትረኽቡ ትደልዩ ዶ?

እወ □ ኣይፋልን □

**እወ** ዝብል መልሲ እንተሂብኩም፡ በጃኹም ዝመረጽኩሞ መልዕኺ ርእይቶን ኣድራሻን ኣመልክቱ፡-

ፖስታ: ____________________________________________________________

____________________________________________________________

ኢመይል፡ ________________________________________________________

..............................................................
ፊርማ

ስም ጽሑፉ

..............................................................
ዕለት

**ናይ ተሳታፊ ፍቓድ ቕጥዒ (ካልኣይ ቅዳሕ ንተሳታፊ ይውሀብ)**

ኣብዚ መጽናዕቲ ምስታፍ ብድልየት ዝግበር እዩ። ኣብዚ መጽናዕቲ ንኽትሳተፉ ፍቓድ ብምሃብኩም ከምዚ ትብሉና ኣለኹም፡-

✔ ዘንበብኩሞ ከምተረዳእኩሞ

✔ ከምቲ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ኣብዚ መፅናዕቲ ንምስታፍ ከምተሰማምዕኩም።

✔ ከምቲ ዝተገልጸ ውልቃዊ ሓበሬታኹም ክንጥቀመሉ ከምተሰማምዕኩም።

✔ ክትዕቅብዎ ዘለኩም ናይ ተሳተፍቲ ሓበሬታ ወረቐት ቅዳሕ ተቐቢልኩም ከምዘለኹም።

ኣነ, ............................................. .................................. [ሽምኩም ፀሓፉ]

ኣብዚ መጽናዕቲ ክሳተፍ ፍቓደኛ እየ።

ፍቓደይ ኣብ ምሃብ ከምዚ ዝስዕብ እገልጽ፡-

- ዕላማ ናይቲ መጽናዕቲ፡ እንታይ ክገብር ከም ዝሕተት፡ ከምኡ’ውን ዝኾነ ክህልዉ ዝኽእል ሓደጋታት/ረብሓታት ይርድኣኒ እዩ።

- ንመዝገበይ ክዕቅቦ ዝኽእል ናይ ተሳተፍቲ ሓበሬታ ወረቐት ኣንቢበዮ ኣለኹ፡ ነክሳተፍ እንተደልየ ድማ ብዘዕባ ኣብቲ መጽናዕቲ ዘለኒ ተሳትፎ ምስ ተመራመርቲ ክዛተ ክኢለ ኣለኹ።

- እቶም ተመራመርቲ ብዛዕባ እቲ መጽናዕቲ ዝነበረኒ ሕቶታት መልሲ ሂቦምኒ እዮም፡ በቲ መልሱ ድማ ሕጉስ እየ።

- ኣብዚ መፅናዕቲ ምህላወይ ሙሉእ ብሙሉእ ብፈቓደይ ከምዝኾነን እንተዘይደልየ ድማ ክሳተፍ ከምዘይብለይ ይርዳኣኒ እዩ። ኣብቲ መጽናዕቲ ክሳተፍ ድየ ዝብል ውሳነይ ምስቶም ተመራመርቲ ወይ ካልእ ሰብ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ምብራቕ ኣንግልያ (ወይ ብሓባር ሕጂ) ዘለኒ ርክብ ሕጂ ይኹን ኣብ መጻኢ ኣይጸልዎን እዩ።

- ክቐጽል እንተዘይደልየ ተሳትፎይ ክስሕብ ከም ዝኽእል ይርዳኣኒ ኣሎ፣ ከምኡ’ውን ካልእ እንተዘይኣመልከትኩ ዝኾነ ቅዳሓት ድሕሪኡ ከም ዝድምሰስን እቲ ዝተዋህበ ሓበሬታ ኣብ ውጽኢት መጽናዕቲ ከም ዘይካተትን ይርዳኣኒ። ንዝኾነ ክምልሶ ዘይደሊ ሕቶታት መልሲ ምሃብ ክኣቢ ከም ዝኽእል’ውን ይርዳኣኒ’ዩ።

- ውጽኢት ናይዚ መጽናዕቲ ክሕተም ከም ዝኽእል ግን ዝኾነ ሕትመታት ስመይ ወይ ብዛዕባይ ዝኾነ መለለዪ ሓበሬታ ከምዘይሕዝ ይርዳኣኒ እዩ።

- ኣብ ውሽጢ እዚ ፕሮጀክት ዝእከብ ውልቃዊ ሓበሬታ ብዛዕባይ ብውሑስ መንገዲ ከም ዝኽዘንን ንዝተሰማምዕኩሉ ዕላማታት ጥራይ ከም ዝውዕልን ይርዳኣኒ። ብዛዕባይ ሓበሬታ ንኻልኦት ብፍቓደይ ጥራይ ከም ዝሕበር ይርዳኣኒ እዩ፣ ብዘይካ ብሕጊ ዝተደለየ።

በዘን ዝቅጽላ ይሰማማዕ እየ፡-

ብድምጺ-ምቕዳሕ እወ □ ኣይፋልን □

ቪድዮ-ምቕራጽ እወ □ ኣይፋልን □

ክውሰዳ ብዘለዎን መዘኻኸሪታት እወ □ ኣይፋልን □

ስእልታት እወ □ ኣይፋልን □

ትራንስክሪፕት ምግምጋም እወ □ ኣይፋልን □

ኣብዚ መፅናዕቲ ዝተኣከበ መረዳእታ ንሙሁራውን ትምህርታውን ዕላማታት ንኽቐርብ ኣብ መኽዘን ክቐመጥ እዩ፣ እቲ መረዳእታ ግን ስመይ ወይ ብዛዕባይ ዝኾነ መለለዪ ሓበሬታ ኣይክሕዝን እዩ።

ዳታ ኣብ መኽዘን ክቐመጥ ይሰማማዕ እወ □ ኣይፋልን □

ብዛዕባ ሓፈሻዊ ውጽኢት ናይዚ መጽናዕቲ ርእይቶ ክትረኽቡ ትደልዩ ዶ?

እወ □ ኣይፋልን □

እወ ዝብል መልሲ እንተሂብኩም፡ በጃኹም ዝመረጽኩሞ መልዕኺ ርእይቶን ኣድራሻን ኣመልክቱ፡-

ፖስታ፡ ____________________________________________________________

____________________________________________________________

ኢመይል፡ ____________________________________________________________

………………………………………………………….

ፊርማ

ስም ጽሓፊ

………………………………………………………….

ዕለት